# ፖዝቲቭ ናይ IGRA ምርመራ ውጽኢት እንተለካ

ኣብ ነርወይ ገለ ጉጅለታት ከም ልምዲ ብIGRA ደም ምርመራ ናይ ቲቢ (Tuberculosis) ይገብሩ።

## ፖዝቲቭ ናይ IGRA ውጽኢት ማለት እንታይ ኢዩ?

ውጽኢት ምርመራ ፖዝቲቭ IGRA ኮይኑ ማለት ብቲቢ (Tuberculosis) ተለኺፍካ ኣለኻ ማለት ኢዩ። እዚ ግና ሓሚምካ ኣለኻ ማለት ኣይኮነን። ከባቢ 1/3 ህዝቢ ዓለም ፖዝቲቭ ናይ IGRA ምርመራ ውጽኢት ክህልዎም እንከሎ ብሕማም ቲቢ (Tuberculosis) ግና ዘይተጠቕዑ ምኺኖም ይእመን። እዚማለት ድማ ሕቡእ ቲቢ (latent Tuberculosis) ኣለዎም ማለት ኢዩ።

## ብከላ ሕቡእ ቲቢ (latent Tuberculosis) ሓደገኛ ዲዩ?

ሓደ ውልቀ ሰብ ግዳይ ብከላ ሕቡእ ቲቢ (latent Tuberculosis) ምስ ዝኸውን ኣብ ዕምሩ ብቲቢ (Tuberculosis) ክልከፍ ዓቢ ተኽእሎ ኣሎ፣ ከባቢ 1 ካብ 20 ሰባት በዚ ብከላ ግዳይ ይኮኑ። ድሕሪ ምብካልካ ወይ ብዝተፈላለየ ሕማማት (ንኣብነት ከም ኢንፌክሽን ኤችኣይቪ) ወይ (ካንሰር/ ) ስርዓት ምኽልካልካ ምስ ዝደክም ብቲቢ ክትልከፍ ዘሎ ተኽእሎ ዓቢ ኢዩ። ንቲቢ (Tuberculosis) ሕክምና ኣለዎን በዚ ድማ ብዙሓት ተፈዊሶምን እዮም።

## ንካልእ ሰብ ክልብድ ይኽእልዶ?

ሓደ ውልቀ ሰብ ግዳይ ብከላ ሕቡእ ቲቢ (latent Tuberculosis) ምስ ዝኸውን ሕሙም ኣይኮነን ክብክል ውን ኣይክእልን

## ሕክምና የድልየኒዶ?

ኣብ ገለ ኣጋጣሚታት ምዕባለ ቲቢ ንምዕጋት መከላኸሊ ሕክምና ከድሊ ይኽእል። እዚ ብሓኪምካ ዝውሰን ጉዳይ እዩ። እዚ ዓይነት ሕክምና ብፍላይ ሓደሽቲ ንዝተለኸፉ፣ ንህጻናትን ስርዓት ምኽልካል ሰብነቶም ዝተዳኸሙ ሰባትን ኣገዳሲ እዩ።

## ክፈልጦ ዝግበኣኒ ኣሎ ዲዩ?

ፖዝቲቭ ናይ IGRA ምርመራ ውጽኢት ኣለካ ማለት ኣነባብራኻ ብዝኾነ መልክዑ ክትቅይር ኣለካ ማለት ኣይኮነን፣ ይኹን እምበር ክትሓምም እንከለኻ ንሓኪምካ ኣወንታ/Postive IGRA/ብከላ ሕቡእ ቲቢ(latent Tuberculosis) ከም ዘለካ ሓብር፣ እዚ ድማ ግቡእ ሕክምና ክትረክብ የኽእለካ። እዚ ድማ ምልክታት ቲቢ ምስ ዝረኣዩኻ ተግባራዊ ይኸውን:: ንሳቶም ድማ:

- ንነዊሕ ግዜ ምስ ዘስዕለካ (ልዕሊ 3 ሰሙን )
- ንነዊሕ ግዜ ዝጸንሐ ረስኒ
- ምሸት ምሸት ረሃጽ
- ክብደት ምንካይ

## ዝያዳ ሓበሬታ ኣበይ ይረክብ?

http://www.fhi.no/tema/tuberkulose/informasjon-til-pasienter